# ህጹጽ ሓበሬታ፡



ብዕለት 25-07-2015፡ ህጻን ዮሳን ኣፈወርቂ፡ ኣብ መበል 7 ዓመታ፡ ብዘሰቕቕ ጭካነን ገበንን፡ ህይወታ ስኢና። እዚ ዘባህርር ፍጻመ ኣብ ብሩ(Bro) ዚተባህለ ከባቢ ከተማ ስቶክሆልም (ስዊድን) ’ዩ ተፈጺሙ።



ገበነኛ ኣብ ቀይዲ ፖሊስ ስቶክሆልም ይርከብ። ንሮቡዕ 16-12-2015 ኣብ ፍርዲ ክቐርብ’ዩ። እዚ ሰብ’ዚ፡ ብዝተፈላለየ ኣስማት ኪጎዓዝ ጸኒሑ፡ ዳኒኤል ገብሩ፡ መብራህቱ ገብሩ፡ ዚብላ ካብ’ቲ ዝተጠቕመሉ ኣስማት’ዩ። ዝፈጸሞ ዘስደምም ቅትለት ህጻን ዮሳን፡ ”ተጸጊመ ገዛ ስእኒ” ኢሉ፡ ደለይቲ ጽቡቕ ስድራቤት ህጻን ዮሳን፡ መደቀሲ ፈልዮምሉ፡ ከም ሓው ኣብ ቤቶም መጽለሊ ድሕሪ ምልጋሶም’ዩ። ቅትለት ዮሳን ኪፈድዮም ግን ኣይተጸበዩን። ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ኣብ’ታ ቤቶም ኣብ ዝጸንሓሉ፡ ህይወት ጓሎም ብዘሰቕቕ ግፍዒ ቀዚፉ ኣሎ። ብዛዕባ ድሕሪ ባይታ ናይዚ ሰብ ብዙሕ ዚፍለጥ ስለዘየሎ፤ ሓብሬታ ዘለኩም ብህጹጽ ኪትተሓባበሩና ኣጥቢቕና ንሓትት ኣሎና።





ዘለኩም ሓበሬታ ብ fnotnafthi@gmail.com ልኣኹልና!